


ኣብርሃም ተኸለ
23.12.2008

# ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና
# ድምጺ ኩላትና

ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዘበርከተቶ ስርሓት ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን፤ ብሓጺር ኣዘራርባ ነቲ ብሕጊ-ግደፍ ልሳኑ ተለጉሙ ዝነብር ዘሎ ሕዝብና ልሳን ኮይናቶ ኢያ። ድምጺ መሰልና ደሊና ከምቲ ብግዜ ናይ ኮሙኒስቲ ስርዓት ምብራቕ ኤውሮጳ ሕዝቢ ኣፉ ተሓቲሙ ከሎ ረድዮ ድምጺ ናጻ ኤውሮፓ ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ፈነዋኣ እናዘረገሐት ንናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ኮሙኒስታውያን ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ ኣብቲ ግዜ´ቲ ፈሽፈሽ ኣእትያትለን ኢያ::
ኣብ ታሪኽ ናይ ናጽነት ቃልስና እንተራኣና እውን **ድምጺ ሓፋሽ ከምዚ ሎሚ "ድምጺ ፈሽፋሻት" ቅድሚ ምኻና** ንደርጊ ፈሽፈሽ ኣእትያትሉ ኢያ:: ንህዝብና ኣብ ምንቕቓሕ ካኣ ዓቢ ታራ እውን ተጻዊታ ኢያ ፤ ሎሚ እውን ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ከም መተካእታ ናይታ ናይ ብሓቂ ናይ ዘበን ቃልሲ ድምጺ ሓፋሽ ኮይናትልና ኣላ:: ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ሕዝቢ ኤርትራ ንደሞክራሳዊ ለውጢ እውን ዓቢ ታራ ትጻወት ኣላ::

**ብተወሳኺ ሎሚ ግዜ ሃገርና ብምስጢር ሞግሓፊ ንክልየራዊ ሓተላን: መዐንደሪ ናይ ወጻኢ ሓይልታትን: መሳርሒ ናይ ሕጊ-ኣልቦ ስርሓትን እናኾነት ኣብ ኣትኸደሉ ዘላ እዋናት ህላዌን ዝርገሐን ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ክኸውንን ኣልዎ** :: ምኽንያቱ ሎሚ ህዝብና ነቲ ብስሙ ዝግብር ዘሎ ኣሉታውን ንድሕነቱን ንህላዌኡን ሓደገኛን ዝኾነ ናይ ኑክሊየራዊ ጎሓፋትን ወተሃደራዊ ዕንደራን ከምጽኦ ዝኽእል ሳዕቤናትን ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቅታት ህዝብና ክግለጸሉን ክፈልጦን ይግባእ: ምኽንያቱ ድሕሪ ውድቀት ሕጊ-ግደፍ ኩሉ ብዘበን ሕጊ-ግደፍ ዝተፈጸመ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ዝዓድዮን ዝስከሞን ሕዝቢ ኢዩ::

ስለዚ ነዛ ራድዮ እዚኣ ንክትህሉ ዝገበሩ ጉዱሳት ኤርትራውያን መንእሰያትን ደቡብ ኣፍሪቃን፤ ዘይሕለል ተቓላሳይ ኣቶ ተስፋለደት ኣለም መሓረናን ከምኡውን ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ብዙሓት ጉዱሳት ኤርትራውያን ኣሕዋትን ከኣ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ምስጋና ይግብኦም ይብል፤ ምስጋና ጥራይ ግን ኣኻሊ ኣይኮነን ከም ሰባት ክደኽሞም ይኽእል ገንዘብዊ ዓቕሚ እውን ክሓጽሮም ከምዝኽእል ፍሉጥ ነገር ኢዩ፤ ስለዚ ብዘይካ ናይ መላእ ሕዝቢ ደገፍን ምትሕብባርን እውን ቀጻልነት ኣገልገሎት ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ኣብ ሕቶ ክኣቱ ከምዝኽእል እውን ንስሕቶ ጉዳይ ኣይመስለንን።

እዚ ጉዳይ እዚ ስለዘጋጠመ እውን ብተደጋጊሙ ብራድዮን ብጽሑፉን ተገሊጹ ተሓቢሩን ከምዝነበረ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም 2008 እቲ ብሳታላይት ኣቢሉ ንኤርትራን ካባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዝዝርጋሕ ዝነበረ ኣገልግሎት ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ከምዝተቛረጸ ተሓቢሩ ኢዩ፤ እቲ ብኢንተርነት ዝመሓለለፍ ኣገልግሎት ግን ናብ ምሉእ ዓለም ይቕጽል ኣሎ፤ ኣብ ኤርትራን ከባቢኣን ዝነብር ህዝብና ግን ኣብ ኢንተርነት ኣትዩ ክካታተል

ጨሪሹ ተኸእሎ የብሉን: ቀሊል´ውን ኣይኮነን: እቲ ስርዓት እውን ብጥብቂ ኢዩ ዝካታተሎ።

ራድዮ ግን ሎሚ ግዜ ኣብ ዝኾነ ገዛ ኣላ፡ ተሓቢእካ ክትሰምዓ ከኣ ብዙሕ ጸገም ኣይኮነን። እቲ ብናይ ሕጊ-ግድፍ ራድዮ "**ድምጺ ፈሸፋሻት**" ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳታት ጸሚሙ ዘሎ ሕዝብና ከኣ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ሎሚ ኢያ ተድልዮ፤ ብፍላይ ከኣ ሎሚ ሕጊ-ግድፍ ንኸወድቕ ነቕ ነቐ ኣብ ዝብለሉ ዘሎ እዋን ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ካብ ዝሓለፈ ግዝያት ንላዕሊ ሎሚ ዓቢይ ኣገዳስነት ኣለዋ።

ንሕና ካብ ኤርትራ ወጻኢ እንርከብ ኤርትራውያን እውን ሓንቲ ንሕዝብና ኣብዚ ዝሓልፍ ዘሎ መሪር ግዜ ክንገብረሉ እንኽእል ዓባይ ገጸ-በረኸት ጸገሙ ንዓለም ምቅላሕን መፍትሒ ምንዳይን ኣጆኻ ኣሎናካ ምባልን ድኣ እምበር ንእሳያስን ሰዓብቱን ኣብ መጨረሽትኡ ባዕሉ ከምዘባርሮም ጥርጥር የለን።ስለዚ ንሕና እዞም ካብ ኤርትራ ወጻኢ እንነብር ዘሎና ሃየ ሓደራ ንሕዝብና ልሳን ንኹኖ ልሳን ክንኮኖ እንተድኣ ኮና ከኣ **ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ድምጺ ኩላትና** ከም`ኳና ኣሚና ብገንዘብ ዲዩ ብጽሑፋት ብሓበሬታት ክንተሓባበር ክንፍትን ኣሎና።

ኣብዚ ቀረባ እዋናት ንድምጺ መሰልና ደሊና ንምሕጋዝን፤ ተቛሪጹ ንዘሎ ፈነዋ ራድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ናብ ኤርትራ እንደገና ንምጅማሩን ምስፋሑን፤ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ዓለማት ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ብጉዱሳት ዜጋታት ኤረትራውያን ተጀሚሮም ኣለዉ ንኣብነት ኣብ ጀርመን ንድምጺ መሰልና ደሊና ንምሕጋዝ ሓንቲ **ለፕቶፕ**(Laptop) **ተወፍያ ሎቶርያ ንዕለት** 10.01.2009 **ክትወድቕ ኢያ**: ከምኡውን ወፈያ ምግባር: ዓቕም`ኻ ዝፈቕዶ ወርሓዊ ውጺኢትን እውን ተጀሚሩ ኣሎ፤ እዚ ከኣ ኣብ ጀርመን ጥራይ ተሓጺሩ ዝተርፍ ዘይኮነስ ኣብ ምሉእ ዓለም እውን ምንቅስቓሳት ይገበር ኣሎ።
ስለዚ ሃየ ኢደይ ኢድካ ንብል ኣሕዋት !!!

ድምጺ መሰልና ደሊና ልሳን ውጹዕ ሕዝብና
ባህግናን ኣውያትናን ተሰማዓልና
ኣብ መላእ ዓለም ዘሎና ተራኸብና
ንሕጊ-ግደፍ ድቃስ ትኸልኣልና
ካብዚ ዝበለ ድኣ እንታይ ደሊና

እቲ ጽዕንት ግን ከይከውን ኣብ ዉሑዳት
ኢደይ ኢድካ ንበል ቃልስና ክዕወት !

////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////
//

# ናይ ለፕቶፕ ሎቶሪ
# ንሓገዝ ራደዮ ድምጺ መሰልና ደሊና

ንኣንፈ መንገደይ ክሕብሮ ዝደሊ እታ ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን ብዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን ጉዱሳት ዜጋታትን ዝቐረበት ላፕቶፕ (Laptop) ኣብ ምሉእ ጀርመን ብምትሕብባር ግዱሳት ሃገራውያን ናይ ዕጫ ቲኬት ተዘርጊሑ ይሸየጥ ኣሎ፤ ዋጋ ሓንቲ **ቲኬት** 10€ (ኤይሮ) ኢዩ፤ **ብ**10 **ጥሪ** 2009 **ከኣ ክትወድቕ ኢያ**።ኩሉ ንድምጺ መሰልና ደሊና ድምጺ ኩላትና ክንሕግዝ እንዝደሊ ከኣ ቲኬት በብከባቢኡ ተዘርጊሑ ስለ ዘሎ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ኣስማቶም ተዘርዚሩ ዘለዉ ሰባት ክግዛእ ይካኣል።

ኣስማት ኣብ ታሕቲ ተመልከት !

| ቦታ | ስም | ተለፎን |
|---|---|---|
| ከለን | ኣቶ ኣስፍሃ ተስፋሚካኤል | 022 55202093 |
| ፍራንክፈርት | ኣቶ ተስፋልደት ፍስሃየ | 069 95091693 |
| ከባቢ ፍራንክፈርት | ኣቶ መሰልና | 0178 3385220 |
| ካስል | ኣቶ ዑቁባይ ገብረስላሴ | 0561 4911154 |
| ጎፒንገን | ኣቶ ተስፋይ ተኽለ | 07161 77056 |
| ቱቢነገን | ኣቶ ሚካኤል ኣጎስቲኖ | 07472 931430 |
| ሽቱትጋርት | ኣቶ ሃይለ ማሪቆስ | 0711 12355108 |
| ሽቱትጋርት | ኣቶ ገረሱስ መስፍን | 0711 1622124 |

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ግዱሳት ኤርትራውያን ኣሕዋት ክረኽቦም ንዘይክእል ወይ ኣብ ካልእ ከባቢታት እንቕመጥ ግዱሳት ኤርትራውያን ኣሕዋት ከኣ በዚ ዝስዕብ ናይ ባንክ ሕሳብ ቁጽሪ ክትልእኹ ትኽእሉ ቲኬትኩም ከኣ ብኣድራሻኹም ክልኣኽ ይካኣል ኢዩ።

## ባንክ ሕሳብ ቁጽሪ

Ghebrezghi Afeworki

Konto-Nr.: 213461005 BLZ: 61161696 Volks Bank-Filder

////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////////